# መን ኢዩ ገላፊ መንከ'ዩ ተገላፊ

መልሲ ንኣይተ ነጸረ ተወልደመድህሂን
ብገዛኢ ኪዳነ።

ሰላም ኣይተ ነጸረ ከመይ ኣሎኻ፡ ኩሉ ኣማንዶ? 'ህዝባዊ ልቦና ዘይነጽፍ ኣራሚ ባሕሪ ኢዩ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ነቲ ኣነ ካብ ዕለት 31 07 2010 ክሳብ ዕለት 09 08 2010 ዝተሰላሰለ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክርስያዊ ለውጢ ኣመልኪተ፡ 'ሓድነት ኤርትራ ተረጋጊጹ፡ ምትእምማን ሰፊኑ'' ዝብል ግጥሚ ብምጽሓፈይ ተቓውሞኻ ከም ዝገለጽካን፡ ንዓይ እውን ካብ ክውንነት ናይቲ ዋዕላ ከም ዝረሓቑን ገይርካ ኣብ መርበባት ኢንተርነታት ዝለጠፍካዮ ጽሑፋት ትማሊ ኣንቢበዮ።

ኣይተ ነጸረ፡ ነቲ ግጥመይ 'ነንሕድሕዱ ዝዋቓዕ፡ ናይ ቅደም ተኸተል መስመራት ቀሪቡ ኣሎ' ኢልካ ኣብቲ ጽሑፍካ ኣስፊርካዮ ኣሎኻ። ኣነ'ውን ንኣባሃህላኻ ሰሚዐ ነቲ ግጥመይ መሊሰ ኣንቢበዮስ ከምቲ ዝበልካዮ ነንሕድሕዱ ዝዋቓዕ ኣይረኸብኩሉን። እንታይ ደኣ ኢዩ ኣይተ ነጸረ ዝብለኒ ዘሎ ኢለ እውን ነቲ ጽሑፍካ ኣጸቢቐ ዳህሲሰዮ። ህዉኽ ዝብእስ ጭራ ነብሪ ይነክስ፡ ዝብል ምስላ ከኣ ኣዘኻኺሩኒ።

ክቡር ኣይተ ነጸረ፡ ኣነ ሓደ ነገር ክነግረካ፡ ኣነ ዝረኣኽዎን ዝፈልጦን ክጽሕፍ፡ ክዛረብ መሰለይ ምዃኑ ትስሕቶ ኢኻ ኣይብልን። እንተ'ቲ ሓላፊ ዜናዶ እንታይዶ ዝበልካዮ ዘይትፈልጦ ነገር ኢኻ ትዛረብ ዝሎኻ'ሞ ቅድም ቀዳድም ንባዕልኻ ካብ ከምዚ ዝበለ ዘይጡሉል ዝኾነ በላበለው ወረ ክትወጽእ ኣሎካ፡ መታን ዘረባኻን ጽሑፋትካን ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ክረክብ። እንተዘየሎ ንባዕልኻ ካብ በላበለው ንፋስ ዘምጽኦ ወረ ዘይወጻእካስ፡ ሰባት ሕልናኦም ደሪኽዎም ንዝውርቕዎ ጽሑፋት ኣብ ውሻጠ ገዛኻ ኮንካ ምንሻው ብወገነይ ቅቡል ኣይኮነን።

ኣይተ ነጸረ፡ ኣብ ጽሑፍካ 'ጽሑፉ ዝያዳ ናይ ድልየትን ስምዒትን ዝዓብለሎ ኣብ ሓቅታት ዘይተሞርኮሰ ናይ እዋኑ ንፋስ ዝበከሎ ይመስል' ትብል፡ ይመስል! ይመስል እዚ ናይ ፈራሓት ርእይቶ ኢዩ። ክንዲ ሰብ ዝኣክልካ ሰብኣይ ብይመስል ክትውርቕ ብሓቂ ካባኻን ካብ ከማኻ ዝበሉን ዝጽበዮ ኣይኮነን። ብይመስል ከኣ ንሰባት ክትነቅፍ ብሓቂ ጌጋ ኢዩ። ስለ ዝኾነ እትኸዶ እምበር ትኣትዎ ጉድጓድ ተስተባህለሉ የሎኻን። ስለ ዝኾነ ቅድሚ ዓሚዕድኻ ምስጓም ኣብ ትሕተኻ ዘሎ ባይታ ድሕሪ ምስትብሃል ሓደ ኢልካ ምስጓም ይምረጽ።

ዝኾነ ኮይኑ ኣይተ ነጸረ፡ 'ሃሊሉ ዝመጸካ ኣድግስ ኣኽቢድካ ጸዓኖ' እንድዩ ኣነ ግን ከኽብደልካ ኣይኮንኩን። ምናልባት እቲ ግጥመይ ብጌጋ ተረዲእካዮ ከይትኸውን፡ ምዃን'ኳ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዓወት ምዝዛሙ ብዙሓት ደለይቲ መሰረታዊ ለውጢ ዝኾኑ ኤርትራውያን ሓጎሶም ከማይ ብጽሑፍ ገሊጾም ኢዮም። ብግጥሚ መልክዕ ጽሒፎም፡ ብስዲ ንባብ ጽሒፎም ጌና እውን ይጽሕፉ ኣሎዉ። እሞ ኣይተ ነጸረ ናባይ ዘሀንደድካ ምኽኒያት ደኣ እንታይ ኢዩ? ሕጂ እውን ናባይ ዘሀንደደካ ምኽኒያት ኣጸቢቐ ይፈልጥ ኢየ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ዝመጽእ እንገብሮ ናይ መልሲ መልሲ ጽሑፋት ክሕብረካ ኢየ። ''ሰበይቲ ዝለኣኸቶስ ኣንበሳ ነይፈርሕ'' ዝብል ነባር ምስላ ወለድና ኣሎ። እዚ ጊዜ ዘይሓልፎ ምስላ እንዲዩ፡ ኣብ መጻኢ ኣጸቢኽና ከነብርሆ ኢና። ደሓር ከኣ ኣይተ ነጸረ፡ ንሃገራዊ ዋዕላ ካብ መጀምርያ ንስኻ እኮ ኢኻ ተበጊስካሉ ዝነበርካ፡ እንተኾነ ዝጀመርካቶ ስራሕ ኣብ

መፈጸምታኡ ንምብጻሕ ኣይተዓደልካን ኮንካ እምበር፡ ዓይኒ ዘግፍሕ ሰብ ዝወጠኖ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ብሓቂ ይጽግሞ ኢዩ። ደሓር እቲ ዘንቀሎ ውራይ ብካልኦት ኣብ መዓልቦኡ ምስ በጽሐ ግን ናብ ጠንበርበርን ናብ ሰባት ምዝላፍን ኢዩ ዝኣቱ። ናትካ ጉዳይ ከኣ ንሱ ኢዩ። ስለዝኾነ ኣብ ውሻጠኻ ኮንካ ንሰባት እንተዘለፍካ የኽፍኣልካ ምበር ዘጸብቐልካ ከይመስላካ። እምበር ብዛዕባ ሓድነት ህዝብናን መሬትና ዘረጋገጸ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላስ ቅድሚ ሎሚ ብዙሕ ጽሒፍና፡ ገጢምና፡ ዘሚርና፡ ንድሕሪ ሕጂ እውን ክንጽሕፍ ክንገጥም ኢና። እቶም ኣብ ውሻጠ ገዛኹም ከሎኹም ብቕንኣት ዝተበላዕኩም ሰባት ግን ንድሕሪ ሕጂ እውን ኣብ ገዛኹም ጋቢኹም ተጎምጉምኩም ብዙሕ ከም ትዝረቡ ንፈልጥ ኢና። እዚ ግን “ምስ ወደቐካ ፍሕትሕት መፋሕፍሒ ዝባን” ኢዩ። እዚ ምስላ እዚ ንዓኻን ዝኸማኻን ኢዩ ዝጎድእ። ዓገብ ድማ ረኺብኩም ዓይኒ ዘግፍሕ ሰብ ካብቲ ብዙሕ ሓንቲ ከይረኸበ ኢዩ ዝተርፍ።

ዝኾነ ኮይኑ ሕጂ እውን ክደግመልካ ኣይተ ነጸረ፡ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጋበአ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ሓድነት ህዝብና ዘረጋገጸ፡ ምትእምማን ዘስፈነ ታሪኻዊ ዋዕላ ኢዩ። እዚ ድማ ኣነ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዙሓት ኣብ ናይ ዜና ማዕከናት ዝዝራቡሉ ዘሎዉን፡ ደረስቲ ድማ ብግጥሚን ብስዲ ንባብን ዝጽሕፍሉ ዘሎዉ ኢዩ። ኣነ ድማ ሓደ ካብኣቶም ኢየ። ጥር ኢልካ ናባይ ዘዝለለካ ምኽኒያት ግን ምስ ጭብጢ ኣሰኒየ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፈይ ከቕርቦ ኢየ።

ኣይተ ነጸረ፡ ኣብ ጽሑፍካ “ ሕውየት ዘድልዮ ናይ ቅርሕንትን ጸርፍን ክስን ንገለ ሸነኻት ይዕድል” እንታይ ኢዩ ምዕዳል? ቅርሕንትን ጸርፍን መኽፈልቲ ተረኺቡስ ኣነ ይዕድል? እንታይ ኢካ ክትብል ደሊኻ? ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ግን ከም ዝመስለኒ ዓቢ ገበን ኢኻ ተሰክመኒ ዘሎኻ፡ እዚ ግን ንዓይ ዝምልከት ኣይኮነን ንዓኻ ግን ሕማቕ ኢዩ። ክሳብ ሕሉል ተባሂልካ ብሕብረተስብካ እትፍንፈነሉ ጉዳይ ኢዩ። ኣስተውዒልካ ተዛረብ፡ ይውሕልል ኣሎኹ ኢልካ ንቃላት ትግርኛ ኣብ ዘይቦታኦም ኣይተቐምጥ፡ ተጠንቂቕኻ ጸሓፍ፡ እዚ ንዓኻ ምኽሪ ኢዩ። ከምቲ ዝበልኩኻ ኣብ መጻኢ ብዛዕባ እዚ ኣጸቢቐ ከብርሄልካ ኢየ እንተተቐቢልካዮ!!

ኣይተ ነጸረ ብሓቂ ፈራሕ ኣጸሓሕፋ ኢኻ ጽሒፍካ፡ ጽሑፍካ ከምዚ ኢዩ ዝብል፡ “ሓው ገዛኢ ነቓፊታይ ነታ ከም ኣርእስቲ ዝቐረበትን ስዒበን ዘሎዋ ክልተ ነናይ ኣርባዕተ መስመራትን ኢየን” ኣየ ኣየተ ነጸረ እቲ ጽሑፈይ ክሳብ ቅርሕንትን ጽልእን ዝዕድል ምኳኑ እናገለጽካስ፡ ነታ ኣርእስትን ነተን ኣርባዕተ መስመራትን ኢዩ ነቐፈታይ ክትብል ከሎኻ ኣነ ብሓቂ ልብኻ ኣውዲቕካ ዝጸሓፍካዮ ጽሑፍ ኮይኑ ኣይተሰመዓንን። ስለ ዝኾነ ግጥመይ ኣይኮነን ነንሕድሕዱ ዝዋቓዕ ዘሎ፡ ከም በትሪ ፈራሕ ነንሕድ ሕዱ ዝላተም ዘሎ ጽሑፍካ ኢዩ።

ኣይተ ነጸረ፡ ሕጂ እውን ኣብ ጽሑካ፡ “ መሰረታት ናይተን ዘይተኻፈላ ውድባት’ውን ዝገለፍካዮ ትመስል” ኢልካ ከኣ ኣብ ሃውተታ ኣቲኻ፡ ኣነ ብመሰረቱ ኣብቲ ዋዕላ ባዕሉ ብዝገልጾ ምኽኒያት ንነብሱ ዝገለፈ ወይ ድማ ዘግለለ ውድብ እንተዘይኮይኑ ናብ ዋዕላ ንኸይኣቱ ዝተገለፈ ወይ ዝተገለለ ውድብ ይኹን መሰረት ኣይፈልጥን፡ እትፈልጦ እንተኣልዩካ ከኣ እዚ ውድብ እዚ፡ እዚ መሰረት እዚ ተገሊፉ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ግና እዚኣ ድፍረት ተድልያ ኢያ፡ ደፊርካ ከም ዘይትብላ ከኣ ይፈልጥ ኢየ።

ኣብ መጨረሻ ኣይተ ነጸረ ኣብ ትሕዝቶ ጽሑፍካ፡ “ ዘስደምም ግን መራሕቲ ውድባትና ክሳብ ክንደይ ናይ ሽግራት ሃገረ ኤርትራ ኣቃሊሎም ይርእይዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣገባብ ኣፈታትሓኡ ብቕርሕንትን ዝተደጎለ ስምዒታትን ክብክልዎ ከም ዝፍትኑ ክትርዳእ ይከኣል” ይብል፡ ዋእ! ኣይተ ነጸረ ናይ’ቲ ቅርሕንትን ጽልእን መሳርሒ መን ዲዩ ነይሩ !!! ቀንዲ ወቓዕ ከቦሮን መጣቕዕን ካድር ናይ ቅርሕንቲ መን ዲዩ ነይሩ !! እስኪ ኣይተ ነጸረ እቲ ሓቂ ንግዜኡ ክዕቅቦ፡ ጊዜ ክጽበየሉ። ተዛሪቦም የዛርቡኻ ይብሉ ዓድና!! ኣይ ነቲ ቀደም ዝተወድየ ቅርሕንቲ ንምጥፍእ እንዲዩ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝተቓነዐ ኣይተ ነጸረ። ብዛዕባ እዚ እውን ኣብ ዝመጽእ ብሰፊሑ ክንዛራረበሉ ኢና ንሎሚ ግን ኣብዚ ይኣክል።

ሰላምን ጥዕናን ንዓኻ

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ
ውድቀት ንህግደፍን ኮራኹሩን

ገዛኢ ኪዳነ።